## *ነጸብራቓዊ ሓተታ*

# ከመይ ዘይከውን?

***ኣብ ሰማይ ዘሎ ደመና***
***ይሃርሞ ዶኾን ዓድና...***
(ካብ ዜማታት ነፍሲሄር  የማነ ባርያ)

*ናይ ኤርትራ ነጻነት፡ ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ኮይነ ኣብዒለዮ። ኣብዚ ህሞት`ዚ፡ ብሓንሳብ ፡ ሓያል ናይ ሓጎስ ስምዒተይ ብሓደ ወገን  ንሕልናይ ዝወቅስ ድማ በቲ ካልእ ኣብ ሓደ ጊዜ ጦብላሕ በሉኒ። ኤርትራ ነጻነታ ጨቢጣ!!  ዕ-ል-ል-ል-ል-ል!! እብል። ውሽጣዊ ሕልናይ ግን ኣብ`ዚ ናይ ሓጎስን ናይ ዕልልታን መዓልቲ ኣብ ኤርትራ ንምንታይ ዘይሃለኻ?  ኢሉ እማጎተኒ።  ብኡ ንብኡ ናብ ተዘክሮ ሜዳ ኤርትራ፡ ቃልሲ... ገድሊ... ውግእ-ሓድ-ሕድ... ሒዚኑ ዕዝር ይብል። ብቐሊሉ ሓንቢሰ ዘይወጾ ቀላይ። እንቋዕ  ኤርትራ ነጻ ወጸት እምበር ካልእ ኩሉ ክርሳዕ ኣለዎ እብል። ብኡ ኣሚነን ረድየን ንቕድሚት ጥራሕ ክጥምትን ክሓሰብን ይመርጽ። ግን እናወዓለ እናሓደረ፡ ናብቲ ሓንቢሰ ክወጻሉ ዘይክኣልኩ ቀላይ ክትት እብል። ንቕድሚት ክኸይድ እፍትን ግን ናብ ዝነበርክዎ እምለስ። ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ከም`ዚ ኮይኑ ዘይተቐየረ ኩነት።*

*ወቓሲ ሕልናይ ወትሩ እናርከበ ክነቕፈኒ፡  መቐረት ናይ ኤርትራ ነጻነት ከየስተማቐርክዎ እነብር። ክዕረቑ ዘይካኣሉ ክልተ ተጻረርቲ ሃለዋት፡ ወትሩ እናተጋጨዉ  ክነብሩ ዝመረጹ ስምዒታት ኮይኖም። ኣብ ክልተ ጫፍ ነናይ ገዛእ ርእሶም ቦታ መድሚዶም ትሓልፍያ ይበሃሃሉ። ሓንሳብ ብናህሪ፡ ሓንሳብ ብህድኣት፡ ክዋጠጡ ንነዊሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ ነቲ ናህሪ፡ ናህሪ ወሲኾሙሉ። ጽቡቕ ምኽንያት ረኺቦም።*

*ቱኒዝያ። ህዝቢ ቱኒዝያ፡  ንኣብ ልዕሊ ህዝቡ ቸቸ እናበለ ክነብር ዝወሰነ ውልቀ-መላኺ ተመሊኾም  ክነብሩ ኣይመረጹን። ኣብ ሃገሮም ፍትሒ ክረጋግጹ ዓጢቖም ተላዒሎም። ብፍናንን ብሓያል ሃገራዊ ስምዒትን ንዝፋን ወልቀ-መላኺ ኣብ ሓጺር መዓልታት ራዕ-ራዕ ኣቢሎሞ። ዝተቓለሰ ይዕወት፣ ተዓዊቶም።*

*ኣብ ቱኒዝያ ዝተባረዐ ህዝባዊ ሰውራ ናይ ቱኒዝያውያን ጥራሕ ኣይኮነን። ክኸውን እውን ኣይክእልን። ስለምንታይ ንናይ ቱኒዝያ ዝመስሉ ወልቀ-መለኽቲ ኣብ ፈቐድኡ ስለዘለዉ። ስለዝኾነ ናይ ቱኒዝያ ሰውራ፡ ሰውራ ናይ ኩሉ ውጹዕ ህዝቢታት ዓለም ኢዩ። ኣብ ቱኒዝያ ዝጀመረ ህዝባዊ ስውራ፡ ብሃልሃልትኡ ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ ንኩሎም ውልቀ-መለኽቲ፡ ከንድዶም ጀሚሩ ኣሎ። ጥዑም ዜና።*

*ገምገምትን ተንተንትን፡ ድሕሪ ቱኒዝያ ኣብ ግብጺዶ ኣብ ኣልጀርያዶ ኣብ የመንዶ? ክብሉ ድህሰሰኦም ከይወድኡ፡ ኣብ ግብጺ ብዝሓየለን ብዝናሃረን ህዝባዊ ናዕቢ ተበገሰ። ህዝቢ ግብጺ፡ ግብጻዊ ሃገራዊ ስምዒቱ ገንፊለሞ ንስርዓት ወልቀ-መላኺ  ሙባረክ ኣንቀትቀጠ። ሙባረክ፡  ከም ርእሱ ዝተሃርመ ተመን፡ ካብ ፍርቂ ሕቑኡ ንድሕሪት፡ ንየማን ንጸጋም ክጸራገፍ ጀመረ።  እንተኾነ፡ ንሓጺር መዓልታት ድኣ ቀንየ እምበር ነታ ናብ ውላዱ ከሕልፋ ብዙሕ ዘዋደዳ መንበረ-ስልጣን ራሕሪሕዋ ምሉቕ ኢሉ ተሰወረ። ... ኣብየት ሕፍረት!!*

*ታሪኻዊ ህዝቢ ግብጺ፡  ሎሚ እውን እንደገና ብዓብዪ ጅግንነት ታሪኽ ይሰርሕ ኣሎ። ኣብዛ ሕምብርቲ ስልጣነን መናሃርያን ማእከልን ናይ ማእከላይ ምብራቕ ዝኾነት ሃገር፡  ኣስላማይ፡ ክስታናይ፡ ምሁር፡ ዘይተማህረ፡ ሸማግለ መንእሰይ፡ ብስሙር፣ ግብጻውነቶም ኣመስኪሮም። ኩሉ ፍልልያቶም ድሕሪ ድሕነት ግብጺ ሰሪዮሞ። ኮይኑ ከኣ*

*ህዝባዊ ሰውራ ግብጺ ኣብ ውሽጡን ኣብ ከባቢኡን ዋላ እውን ንኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከብ ውጹእ ህዝቢ ትምህርትን ሞራልን ዝኸውን እነሆ ጎሕ ቀዲዱ።*

*ህዝቢ ቱኒዝያን ግብጽን፡ ታሪኽ እንክሰርሑ፡ ከምቲ ናይ መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ፡ ብተለቪዥን፡ ብራድዮን ብጋዜጣትን ተኻታቲለዮ። ልክዕ ኢዩ፡ ስሙር ቅልጽም ህዝቢታት ቱኒዝያን ግብጽን፡ ኣብ ጎደናታት ከተመኦምን ኣብየ ቅርዓቱን ክሃምም ከሎ፡ ኣእምሮይን ቀልበይን ምስኦም ቀንዩ። ዓወት ተመንየሎም። ተዓዊቶም ድማ። እዚ ዓወት`ዚ ንኣብ ኤርትራ ዘሎ ብልሽው ስርዓት መልእኽቲ ከምዝሕለፈ ኣይጠራጠርን። ኣሰይ!!*

*እንተኾነ፡ ቀልበይን ሃመይን ናብ ተዘክሮ ግንቦት 24 1991 እናመረሸ ካን ቅሳነት ክሊኡኒ። ናብቲ ህሞት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብታ ዝተሓረረት መሬቱ ብሓጎስ ክጭድር፡ ኣነ ግን ኣብ ርሑቕ ኣብ ሃገር ኣሜሪካ! ሎሚ እውን ከም እንደገና ናይ ሓጎስን ናይ ሕልና ወቐሳን ስምዒታተይ ብሓደ ህርመት ኣብ ውሽጠይ ሂር ኢሎም ክካትዑ ይጅምሩ።*

*እቲ ኣብ ቱኒዝያ ይኹን ኣብ ግብጺ ዝተጋህደ ስውራ፡ ከምኡ`ውን ኣብ የመን፡ ኣብ ባሕሬን፡ ኣብ ሊብያ፡ ኣብ ጅቡቲ... ዝቕጽል ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ኣብ ኤርትራ እውን ይውላዕ ዶኾን? ዘይተርፍ ዶኾን ይኸውን? ዝብል ሕቶ ከልዕል ግድን ይኸውን። እወ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ሕሰመ-መከራ፡ ካብቲ ናይ ቱኒዝያ፡ ግብጺ፡ ናይ የመንን፡ ናይ ባሕሬንን ጅቡትን እንተዘይከፊኡ ዘይሓይሽ ኣይኮነን። እሞኸ ድኣ?*

*ሙባረክ፡ በኒ ዓሊ፡ .. ሳልሕ ዓብደላ፡ ቃዛፊ፡ ኢሳያሳን ካልኦት ውልቀ-መለኽቲን ሕልሞምን ቋንቋኦምን ሓደ ኢዩ። ኩሎም ብስልጣን ይብዕልጉ። ነፍሲ-ወከፎም ብዓመጽ ንዘማሓድርወን ሃገራት ናይ ብሕቶም ትሕዝ መሬት እየን፣ ኩሉ ምንጪ ሃብትን ሓይሊ ሰብን ናይታ ሃገር ውልቃዊ ንብረቶም`ዩ። ግዝኣተ-ሕጊ ዝብሃል ኣይህሉን፣ ንሳቶም ልዕሊ ኩሉ ስርዓተ-ሕጊ ስለዝኾኑ። ባዕላቶም ቅዋም ሃገር እዮም፣ ከም ቃሕተኦም ንመባእታዊ መሰል ወዲ-ሰብ ይገፍዑ፡ ይኣስሩ፡ ይሕይሩ፡ ይርሽኑ፡ የውርሱ፡ ይምንዝዑ። ህላዌኦም ምስ ህላዌ ናይ`ታ ሃገር ይሰርዕዎ። ንሳቶም ኣቦን ኣደን ናይ ኩሎም ዜጋታት ገይሮም ንነፍሶም ይቖጽርዋ፣ ይባርኹ፣ ይሸንኑ። ልዕሊኦም ወይ ማዕሪኦም ብዛዕባ`ታ ሃገር ዝሓስብን ዝሓልን ሓድ`ኳ የለን። ዝተቓወመ፡ ሃገረይ ትዕመጽ ኣላ ዝበለ፡ መሰል ህዝቡ ክርገጽ ዝጐሃየ፡ ሃገረይ ዓዲ ሕግን ማዕርነትን ስኒትን ትኹን ... ዝበለ ኩሉ ከዳዕ ኢዩ! መሳርሒ ናይ ወጻእተኛታት ኢዩ። ኣልቃዒዳ! ኣሸባሪ (ቶሮሪስት) ናይ ሃይማኖት ኣኽራሪ፡ ወያነ! ሲ.ኣይ.ኤይ! ሻዕቢያ፡ ነፍጠኛ.. ዝብል ሕብሪ ይቕባእ። እዚ ባህርን ግብርን`ዚ ንኹሉም ውልቀ-መለኽቲ ሓደ ይገብሮም።*

*ፕረዚዳንት ኢሳያስ፡ ከም ኩሎም ውልቀ-መለኽቲ፡ ንሱ ንነብሱ ልዕሊ ኩሎም ኤርትራውያን ቀዳማይ ኤርትራዊ ገይሩ ይሰርዓ። ብዘይክኡ ንኤርትራ ክካላኸልን ሓድነት ከዕቁብ ዝኽእል ዋላ ሓደ ዜጋ`ኳ የለን። ደርፊ ኩሎም ውልቀ-መለኽቲ ስለዝኾነ፡ ንሱ እውን`ን ነዚ ደርፊ`ዚ እናደረፈ ክሳብ ሕጂ ጸኒሑ ኣሎ።*

*እንተኾነ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ብሰንኪ ግዝኣት ህግደፍ ባይታ ዘቢጡ። ኤርትራዊ ፍናን ብሕሱም ተዳሂኹ። እዚ ኩነት`ዚ ፈጢሩ ከብቅዕ፡ ልዕሊ ኩሎም ኤርትራውያን ኤርትራዊ`የ ይብለና! ወረ ሕሉፍ ሓሊፍዎስ ከም ንጉስ ሃይለስላሴ ብኣዋጅ ``ስዩመ እግዚኣብሄር`` ምባል ቁሩብ ዝተረፎ ኢዩ ዝመስል። ኢሳያስ ካብ ሙባረክ ብዙሕ ዝተማህረ ኢዩ ዝመስል። ኢሳየሰኒ፡ መምህርካ ሙባረክስ ናብ ናይ ታሪኽ ጓሓፍ ተጓሒፉ ኢዩ፣ መዓልትኻ ተረፈ።*

*እንተኾነ ሓደ ሓቂ ኣሎ። ኣብ ግብጺ ዘሎ ኣብ ኤርትራ የለን። ግብጺ ብዝሒ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ እኹል ስፍሓት ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትክላት ቤት ትምህርቲ ይርከቡዋ። እዚ ትካላት ቤት ትምህርቲ`ዚ ንነዊሕ ዓመታት ዘፍረዮም ምሁራት ኣለዉዎ። ስፍሓት ዘለዎ ንኡስ ብርጅዋ፡ ነጋዶ፡ ሰብ ሞያታት ኣብ ውሽጢ`ታ ሃገር ይነብሩ። ዘመናዊ ሓይሊ ምክልኻል መሰል ዜጋ ብመጠኑ ዘኽብሩ ምህላዎም እውን ርኢናን ተመለኪትናን። ስለዚ ንኤርትራ ምስ ግብጺ ከነዋዳድራ ኣይንኽእልን።*

ኤርትራ፡ ብዓቕማ ምሁራት ምሃለዉዋ። እታ ሓንቲ ዝጸንሐት ዩኒቨርሲቲ ሎሚ ብውሑዱ ገለ ሳልሳይ ወይ ራብዓይ ርእሳ በጺሓ ምሃለወት። ብእኡ መጠን`ወን ብዝሒ ንኡስ ብርጆዋ፡ ምሁራት ሰብ ሞያ ምፈረዩ`ሞ መሳለጢያታት ትሕተ-ቅርጻ፡ ናይ መራኸቢ መሳርሒታት ተኣታትዩስ፡ ህዝባ ዘቤታውን ግዳማውን ሓበሬታ በብእዋኑ ምሰነቐ። እዚ ከይከውን ግን ኣቐዲሙ ሰፊሕ ምድላዋት ተገይሩ። ገለ ካብኡ፡-

1. ፕረዚዳንት ኢሳያስ፡ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ጸልአ። ዩኒቨርሲቲ ዘፍርዮም ዜጋታት ምስ ሕልሚ ነባሪ ስልጣኑ (ንግስነቱ) ቀጥታ ዝራጸሙ ምዃኖም ኣይሰሓተን። ስለዚ፡ ነታ ዝርካባ ሓንቲ ዩኒቨርስቲ ቀልጢፉ ዓጸዋ። ካልኣይ ደረጃ፡ ብፍላይ 11ን 12ን ደረጃ ክፍሊታት ናብ ሳዋ ኣዕዘረን። እቲ ምኽንያት ፍሉጥ ኢዩ። ተማሃራይ ውዑይ ናይ ለውጢ መንፈስ ቀልጢፉ`ዩ ይሓድሮ። ህሞት ናይ ለውጥን ምቅዋምን ከኣ ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ መበል 11ን 12ን ክፍሊ ምስ ተበጽሐ ኢዩ ዝዓኩኸ። ነዚ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣጸቢቑ ፈሊጥዎ። ስለዚ፡ ብኣግኡ መዓስከረ ሳዋ መሃዘ።

2. እዞም ካብ መላእ ኤርትራ ናብ ሳዋ ዝውሕሱ ናይ 11ን 12ን ተማሃሮ፡ ኣብ ሓድሓዶም ኣይፋለጡን እዮም። ስለዘይፋለጡ ክተኣማመኑ የሸግሮም። ስለዚ ናይ ለውጢ ሓይሊ ካብ ምዃን ይመኽኑ። ኣብቲ ዝዓበይሉ ከባቢ ቤት-ትምህርቲ ግን 11 ምስ እቶም 12፡ እቶም 10ይ ምስ 11ን ምስ 9ይን ክፋለጡን ክተኣሳሰሩን ምኽኣሉ። ናይ ሓደ ከባቢ ብምዃም ክተኣማመኑ ዝሓሸ ባይታ ምሃለዎም። እዚ ሃዋህው`ዚ፡ ከምቲ መንእሰያዊ ባህርያቶም ናይ ለውጢ ሓይሊ ክኾኑ መኽኣሎም። ነዚ ዝፈለጠ ፕረዚዳንት ኢሳያስ ግን ሳዋ (ብስም ትምህርቲ ዝተሰወረት ካርሸሊ) ፈጢሩ። ኣብ ሳዋ ወተሃደራዊ ባህሪን ባህልን ከም ዝሕዙ ይግበር። ምእዙዛት! ቅዩዳት! ይኾኑ። እዚ ውጽኢትዚ ንምርካብ ብብርቱዕ ወተሃደራዊ ግርሒትን መቕጻዕትን ይፍጸም።

3. ብዝሒ ዘለዎ ቀጻሊ ስደት። እዚ ሃዋሁው`ዚ ኮነ ኢልካ ዝተፈጥረ እምስለኒ። ንፕረዚዳንት ኢሳያስ ዝጠቅም ብዙሕ መኽሰባት ኣለዎ። ገለ ካብኡ ሓይሊ መንእሰይ ምጉዳል`ዩ። ብዝሒ ምሁራት ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ምብጻሕ`ዩ። ንወለዲ ይኹን ንኹሎም መንእሰያት ክሃድሙ ተረኺቦም ኢልካ ምርሻንን ራዕዲ ምፍጣርን`ዩ ወዘተ…

4. ኣካድሚያዊ ትምህርቲ ብዓይነቱ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ምውራድ። ባጀት ስርዓተ-ትምህርቲ ዳርጋ ዘየለ ምግባር። ኣብ ኤርትራ፡ ዩኒቨርስቲ ጠሪስካ ዘይምህላዉ። እዚ ስትራተጂ `ዚ፡ ተስፋ መጻኢ ናይ መንእስያት ጸልማት ይገብሮ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ተሳቲፎም መጻኢ ዕድሎም ዝሓሸ ንምግባሩ ከይጽዕሩ፡ እኹል ሓበሬታ ዘይረኽቡ፡ ተስፋ ዝዓረቦም መንእስያት ተፍሪ። ኤርትራዊ ክሳራ፡ ኢሳያሳዊ ዓወት!!

5. ወያነ ውዒሉ ሓዲሩ ንኤርትራ ክወራ ኢዩ። ስለዚ፡ ኩሉ ሳዕ ኣብ ተጠንቅቕ ተዳሊና ክንጸንሕ ኣለና። ኣብ ኤርትራ ኩሉ ዝተወልደ ወተሃደር ይኸውን። ደሞዝ የብሉን። መዓልታዊ ሂወት ኩሉ መንእሰይ እታ መዓልታዊ ሂወቱ- ኣብ ተጠንቀቕ፡ ኣብ ስግኣት፡ ከምዚ ክትገብር ሓሲብካ ኔርካ፡ እዚ ኢልካ ተዛሪብካ፡ ወተሃደራዊ ምስጢር ኣውጺእካ ወዘተ… ኩሉሳዕ ኣብ ሰሃሮን ኣብ ራዕድን ከምዝነበር ኮይኑ። ስለዚ ሓይሊ መንእሰያት ኤርትራውያን፡ ናይ ኣካልን ናይ ኣእምሮን ስንክልና ክህልዎ መታን ኮነ ኢልካ ተገይሩ።

ስለዚ፡ ኤርትራ ከም ናይ ግብጺን ናይ ቱኒዝያን፡ ናይ ለውጢ ሓይሊ መንእሰይን ምሁራዊ ዓቕምን የብላን። እሞ ኣብ ከም`ዚ ዝኣምሰለ ህሞት፡ ኣብ ኤርትራ ህዝባዊ ናዕቢ`ዶ ክለዓዓል ይኽእል? እዚ ሕቶ`ዚ ናብ ብዙሕ ኩርናዓት ይወስድ። ኣብ ምምላሱ ድማ ናብ ብዙሕ እንተታት የእቱ። ሞራላውን ሓላፍነታውን ጉዳያት የልዕል።

ኣብ ኣሜሪካ እናተቐመጥኩ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ናዕቢ ንክበጋግስ ክጽወዖ ሞራላዊ ባይታ ኣይውንን። ኣነ ባዕለይ ኣካል ናይ`ቲ ዝለዓዓል ህዝባዊ ናዕቢ ክኸውን ስለዘይክእል። ካብ`ቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ሕሰም-መካራ ምስ ህዝበይ ተኻፋላይ ስለዘይከውን። ጽቡቕ ድልየተይን ነቓፌ ሕልናይን ሕጂ እውን ከምቲ ምኽባር መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ ኮይኑኒ። ኣብ ኤርትራ፡ ከም`ቲ ናይ ቱኒዝያን ግብጽን፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንበገስ ኢሉ ከይጭርሕ፡ ሕልናይ ሓቦ ከሊኡኒ። እሞኸ ድኣ እንታይ ይገበር?

... ይቕጽል

**ጸጋይ ነጋሽ**